# ሰንበት ዘደመና

## ሓምለ 21 2016 ዓ.ም. (07/28/2024)

**መዝሙር፡** በቀዳሚት ገብረ እግዚአብሔር ሰማየ ወምድረ ወኵሎ ፈጺሞ አዕረፈ: እግዚአብሔር ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ኵሉ ምስ ፈጸመ ብሰንበት አዕረፈ። ብጊዜ ማይ አይኊ እግዚአብሔር ንኖኅ እትድሕነላ መርከብ ሥራሕ ንምድሪ እንደገና ብማይ አይኊ ከየጥፍአ አነ ምሳኻ ንዘለዓለም ኪዳን ክአቱ እየ። ንምድሪ እኽላን ሣዕርን ሓጋይን ክረምትን ዘርእን ዓጺድን ክህብ እየ። ብሓቂ በረኸት እግዚአብሔር እዚ እዩ። ንሱ ነቲ ዝብሎ ቃል አይጠልምን እዩ።

**ንባባት፡** 2ቆሮ;9፡1~ፍ፤ 1ጴጥ 3፡15~ፍ ግ.ሓ. 27፡21~33፤ ማቴ 24፡36~ፍ

**ምስባክ፡** ዘያበቊል ሣዕረ ለእንስሳ ወሓመልማል ለቅኔ ዕጓለ እምሕያው፥ ከመ ያወፅእ እክለ እምድር። መዝ 104፡14-15። ካብ ምድሪ መግቢ ምእንቲ ኺረክብ ንእንስሳ ዚኸውን ሣዕሪ ንጥቕሚ ሰብ ከአ ተኽሊ አብቆልካ።

ካብ ሰነ 25 ክሳብ መስከረም 25 ዘመነ ክርምት ተባሂሉ ይጽዋዕ።ምስቲ እዋኑን ዘመኑ አሰማሚዑ ንባባትን መዝሙርን ክነስተንትን ይሕግዘና። ናይ ሎሚ ሰንበት ዘነጎድጓድ/ዘደመና ተባሂሉ ይጸዋዕ ነጐዲ ማለት እዩ።አብ ብሉይ ኪዳን ነጐዲ ናይ አምላኽ ምምጻእ ወይ አምላኽ ምልክት ክህብ እንከሎ እዩ ዘስምዕ፥ አብ ደብረ ሲና ሙሴ ምስ አምላኽ ክዛረብ እንከሎ ድምጺ ነጎዳን ግመን ተራእዩን ተሰሚዑን፥ኢየሱስ ክጥመቕ እንከሎ ድምጺ ካብ ሰማይ ተሰሚዑ ስለዚ ነጐዲ ንአምላኽ የዘኻኽር። አብ ባህልና እውን ነጐዲ ምልክት ሓይሊ አምላኽ ከምዝ ኾነ ኢና ንሓስብ።

<u>ሰንበት ዘነጎድጓድ</u>፡- ንፍሉይ እዋን ክረምቲ ምድረሰማይ ቀጠልያ ለቢሱ ኩሉ ፍጡር ብተስፋ ዝጽበዮ እዋን ሰማይ ብደመናን ነጎዳን በርቅን ዝናምን ናብ ምሉእ ሓጎስ ገጹ ዝእምት ምልክት ዝህበሉ ግዜ ምኺኑ ንምሕባርን ብአኡ መልክዕ ንመንፈሳዊ ሕይወትና ክንጥቀም ዝሕግዝ እዋን ምኺኑ የዘኻኽረና። አብ ግዜ ክረምቲ ኩሉ አብ ስራሕ ተጸሚዱ ፍሉይ እምነት ናብ አምላኽ አንቢሩ ሓረስታይ ብተስፋ ብእምነት ዝሰርሓሉ ግዜ እዩ። ንሰማይ እናጠመተ ንአምላኽ ብፍሉይ ዝልምነሉ ኩሉ ካብ አምላኽ ከምዝመጽእ ብምሉእ እምነት ዝገለጸሉ እዋን እዩ።

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና ፍሉይ መልእኽቲ ንፍሉይ ክርስትያናዊ ሕይወትና ዝሕግዝ ዝሓዙ እዮም። ሕይወትና ጕዕዞ እዩ ዝውዳእ ጉዕዞ ግን ምአስ ከምዝውዳእ ዘይፍለጥ ጉዕዞ። ምስንዳው ምትጋህ ንቕሓት ዝሓትት ሕይወት። ነዚ ጉዕዞ ሕይወትና ንባባትና ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንሰናደወሊ ክምንኽእል ይሕብሩና።

፩ **ቅ.ጳውሎስ** አብ ሰብ ቆሮንጦስ ኣብ ዝጸሓፉ ብዛዕባ አብ መንጎ ክርስትያን ዝግበር ሓገዛት ንሕይወትና ናብ ምሕረትን ጸጋ አምላኽን ከብጽሓና ከምዝኽእል ይገልጽልና። አብ አካይያ ንዝነብሩ አብ ቆሮንጦስ ንዝነብሩ ኩሎም ኢዶም ክዝርግሑ አብ ነነድሕዶም አብ ናይ ምትሕግጋዝ መአዲ ክጽመዱ ይልምኖም። ሰብ ቆሮንጦስ አብነት ንሰብ መሶዶንያ ከምዝኾኑ ይጠቕሶም። ወንጌል ስለ ዝተቐበሉ አብ ናይ ሓገዝ አሕዋት ክጽመዱ ሓደራ ይብሎም። ምሕጋዝ ንባዕሉ ካሕሳ እዩ። ነቲ ዝተዋህበካ ትምስክር አሎኻ። ክትህብ እንከሎኻ ተመስግን አሎኻ። ኩሉ ብነጻ ዝህብ ብአምላኽ ጻማኡ ይረክብ። እግዚአብሔር ብነጻ ኩሉ ሂቡና አሎ ንሕና እውን ካብቲ ዝተዋህበና ክንህብ ግቡእና እዩ። ኩልና አመንቲ ናትና ተራ ነቲ ምንጪ ኩሉ ዝኾነ አምላኽ ነቶም ጽጉማት አሕዋትና ክንሕግዝ ከሎና ሽዑ ብዝያዳ ንምስክሮ። ኩሉ ህያባትና ካብ እምነት ክብገስ አለዎ። እቶም አብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ አይሁድ ክርስትያን በቶም ካብ አረምነት ናብ ክርስትና ዝተመልሱ ክሕገዙ እንከለዉ እዚ አምላኽ በቶም አረመን ዝነበሩ ክምዝዓዪ ተገሊጽሎም። በዚ ንአምላኽ አመስጊኖም። ንአምላኽ አብ ምምስጋን ኩሎም ብሓባር ክዓዩ ከምዝግባእ ጳውሎስ አነጺሩ ይዛረብ። ህያብ መግለጺ ፍቕሪ አምላኽ እዩ። እዋናት ክረምቲ ብፍሉይ ንህያብ አምላኽ ክንዝክር እሞ ንሕና እውን ብዓቕምና አብ ምሃብ ክንጽመድ ከምዝግብአና የዘኻኽረና። ቅዱስ ጳውሎስ ሎሚ ጉዕዞና አብ ነነድሕድና ምትሕግጋዝ ክንቅጽሎ ይላቦ። ሓገዝ አድሕድ መለለይና ክኸውን እንከሎ ሽዑ ፍቕሪ ሰላም ክነግስ እዩ።

**፪ ቅ.ጵጥሮስ፡** ብዛዕባ ክርስትያናዊ ሓቂ ይዛረብ፥ ክርስትያን ክፍእ ብምግባር አይኮነን ስደት ዝልዓለሉ እንታይ ድአ ንሓቅን ነቲ ኡነተኛ አምላኽ ብምእማንን እዩ። ጉዕዞ ሓቂ ካብ ግዜ ጥምቀት ይጅምር ስለዚ ብኻልኦት ምንጻግ ካብ ግዜ ጥምቀት ንተሓሓዞ። ክርትያን ኲሉ ግዜ ብብዙሓት ዝጽላእ ግዳይ ህዝባዊ ናዕቢ እዩ። ክርስትያን ክሕተት ወይ ክኽሰስ እንከሎ ንሓቅን ንእምነቱን ክምስክር አለዎ። እቲ ሓቀኛ ምስክርነት ቅኑዕ ሕይወት ምንባር እዩ እዚ ባዕሉ ይዛረብ ሓቂ እንተቐበርካያ እውን ትወጽእ እያ እዚ ነፍስወከፍ ሰብ አብ ሕይወቱ ክርእዮ ይኽእል እዩ። አብ ዓለም ስቓይ ክህሉ እዩ ክርስትያን ግን ምእንቲ ሓቂ ክሳቐ አሰር መምህሩ ክርስቶስ ክጉዓዝ ይግብኦ። ንኹሉ አብነትና ኢየሱስ መድሕና እዩ፥”ክርስቶስ ሓንሳእን ንሓዋሩን ምእንቲ ሓጢአትና ሞተ። ናብ አምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ጻድቕ ከሎ ምእንቲ እቶም ሓጥአን ሞተ ብሥጋ ሞተ፥ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ” ይብል። ናይ ክርስቶስ ሞት ሕይወት ዝዘርእ ሞት እዩ። ብአምሳሉ ናይ ክርስትያን ስቓይ እውን ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ። ጥምቀት ናብ ሕይወት ክንነብር ዝጀመርናሉ እዋን እዩ ብአኡ ናብ ናይ ክርስቶስ ሞት ንሳተፍ። ከምቲ ክርስቶስ ብሥጋ ዝሞተ ግን ብመንፈስ ሕያው ዝኾነ ክርስትያን ከአ ንሥጋዊ ነገራት ስዒሩ ምስ ትንሣኤ ክርስቶስ ክወሃሃድ ይግብኦ።

አብዚ ዓለም ብዘይ ፈተና ጸበባ ክንነብር አይክአልን እዩ ኲሉ ግዜ ዝዕንቅፍ ዝፈታተን ክህሉ እዩ ንክርስቶስ ክንርኢ እንተ ኽአልና ሽዑ ክንብርትዕ ንሥጋዊ ሞት ክንስዕሮ ኢና። ቅዱስ ጴጥሮስ ንፉዓት ተዋጋእቲ ክንከውን እዩ ዝመኽረና ዘሎ። ንእምነትና ንመገዲ ሓቂ ክንሓድግ ዝፈታተን ልኡኽ ሰይጣን ኲሉ ግዜ ክህሉ እዩ ዘይምዝንጋዕ፥ ንኹሉ አለሊኻ ምኽአል። ቅዱስ ጴጥሮስ ጉዕዞ ሕይወትና ፈተና መስቀል ዝፈታተን ነገራት ከምዝገጥሞ እሞ ክንብርትዕ ብፈተናን ጸበባን ተሸኒፍና ንእምላኽ ከይነጉሂ የስተምህረና። ምእንቲ ሓቂን እምነትነ ምማት ሕይወት ይዘርእ። መንፈሳዊ ዘርኢ ክንዘርእ እሞ ነቲ እንዘርኦ ጸላኢ ቁልላሕ ከይሕውሰሉ ምትጋህን ምጽህያዩን ከም ዘድሊ የስተምህረና።

**፫ ወንጌል ማቴዎስ፥** ብዛዕባ ምጽአት ወድሰብ ይዛረበና፥ ናይ ወድሰብ ዳግማይ ምጽአትን ብእዋኑ ዝነበረ ባህልን ብምሳሌ ገሩ ይዛረበና። አብ ምጽአት ክርስቶስ ሰባት አብ ክልተ ክምቀሉ እዮም። ዳግማይ ምጽአት ምአስ ምዃኑ አይፍለጥን፥ ምጽአቱ ሃንደበታዊ ክኸውን እዩ፥ አብ ግዜ ዳግማይ ምጽአት ሰባት አብ ክልተ ተመቒሎም ጽቡቕ ዝገበሩ ንመንግስተ ሰማያት ክፉእ ዝገበሩ ኸአ ንገሃንም እሳት ክኸዱ እዮም። አብዚ እዋን ንዳግማይ ምጽአ ምንቃሕ የድሊ እዚ ኸአ ኲሉ ግዜ አብ አገልግሎት አምላኽ ምጽማድ ኲሉ ክርስትያናዊ ግቡእካ ምምላእ። ነዚ ከረድእ ናይ ኖህን ብግዚኡ ዝነበሩ ሰባትን ይጠቅስ። ማይ አይሂ ብዘይተሓስበ መጺእዎም፥ ክልተ ሰባት አብ ግራት ክጽንሑ እዮም ዝብል ከምኡ ክልተ አንስቲ ብሓደ ክጥሕና ክጽንሓአም እየን እናበለ ንዝመጽእ ፍልልያት ይገልጽ። እታ ዝመጽላ መዓልቲ ስለ ዘይትፍለጥ ኲሉ ግዜ ንቑሑ።

ማቴዎስ ጉዕዞ ሕይወትና ክውዳእ ምዃኑ ግን ምአስ ምዃኑ ስለ ዘይፍለጥ ኲሉ ግዜ ብንቕሓት ክንጽበ ከምዘሎና ይነግረና። ንሕና ብባህርና ተዛነይቲ ኢና ንዝንግዕ ሽዑ ካብ አምላኽ ርሒቕና ከሎና መዓልቲ ጸብጻብ ትመጽና። ሎሚ ብየማንዶ ብጸጋም ክንከውን እንውስነላ እዋን እያ። ክንፍረድ ኢና ጸብጻብ ክንህብ ኢና። ሽዑ ኲሉ ዝገበርናዮ ሓጢአት ክንፍረደሉ ኢና ሽዑ እነቕርቦ ምኽንያት አይክህሉን እዩ። ነዚ አስተንቲና አብ መገዲ አምላኽ እንምለሰሉ ሕይወት ንልበስ። እሙንን ሕያዋይን አገልጋሊ ብውሑድ ተአሚንካ ኢኻም ናብ ብዙሕ እሸመካ አሎኹ ንዝብል ቃል ሕወት ንምስማዕ ሕይወትና ሰሪዕና አብ ጸጋ አምላኽ ተአሚና ብተስፋ ንንበር።

**መደምደምታ፡** ስሩዕ ክርትያናዊ ሕይወት ሒዝካ ምጉዓዝ፥ ጉዕዞ ሕይወት ቅንዕና፥ጸሎት፥ጻዕሪ፥ ምጻር መስቀል ከምዘድልዮ ምርዳእ።አብ ጉዕዞ ፈተና ክበድ ከምዘሎ ምሕሳብ። ከይሰልከኻ ነቲ ከአልኩሉ አምላኽ ሓግዘኒ ምባል።ንዝኾነ ፈተና መንፈስ አምላኽ ከየጥፋእካ ምግጣሙ። ንኹሉ ካብ አምላኽ ክፈልየና ዝመጽእ ፈተና ይኹን ካልእ ነገራት ምግጣሙ፥ ኢድካ ብቐሊል ዘይምሃብ።አሰር ክርስቶስ ኲሉ ግዜ መስቀልካ ሒዝካ ምጉዓዝ ሽዑ አኽሊል ዓወት ክትጭብጥ ኢኻ።

**አባ ንጉሠ ፍሥሓ**